# ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2015 -2016 ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብናጻ ንዘወሃብ ምግብን ካልእ ረብሓታትን መመልከቲ ቕጥዒ

## ሲያትል ፓብሊክ ስኩልስ

**ብናጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ንዝቐርብ መግቢ ብቁዓት ዝኾኑ ተማሃሮ ቁርስን ምሳሕን ኣብ ቤት/ት ብናጻ ይምገቡ።**

ስድራቤትኩም ነዚ ኣገልግሎት ብቁዕ ምዃኑን ዘይኃኑን ንምፍላጥ ብኽብረትኩም ነዚ ኣብ ዝስዕብ ገጽ ዘሎ መመልከቲ ቕጥዒ ምልእዎ።

ስድራቤትኩም ሓገዝ ዲኤችኤስ (DSHS)፣ ሓገዝ መሰረታዊ መግቢ (ቤዚክ ፉድ)፣ ግዝያዊ ረድኤት ንተሸገሩ ስድራቤታት (TANF)፣ ወይ ናይ መግቢ መከፋፈሊ መደብ ንኢንዲያን ረሰርቬሽንስ (FDPIR)ን ይረኽብ ድዩ? መልስኩም እወ እንድሕር ኮይኑ፤ ብቀጥታ ንሓገዝ ናጻ ወይ ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሉ ምግቢ ቤት ትምህርቲ ብቁዓት ኢኹም። ኮይኑ ግን ነዚ ሓበሬታ ንካልኦት ሰብመዚ ቤት ትምህርቲ ክነካፍሎም ፍቃድኹም የድልየና እዩ። ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ...

ንካልኦት ተወሰኽቲ ናጻ ወይ ብትሑት ክፍሊት ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ብቁዕ ክትኾኑ ትኽእሉ ኢኹም!

ንብናጻ ዝወሃብ ወይ ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሉ መግቢ ብቁዓት እንድሕር ኮንኹም ንካልኦት ናጻ ወይ ብትሑት ክፍሊት ዝወሃቡ ረብሓታት ‘ውን ብቁዕ ክትኾኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ብክብረትኹም ኣብ ውሽጢ'ዚ ሳንዱቅ ራይት ብምምልካትን ኣብ ታሕቲ ብምፍራምን፤ ብቁዓት ምዃንኩም ንኻልኦት ሰብመዚ ቤት ትምህርቲ ክንሕብር ሓግዙና።

| ኩሎም ተማሃሮ | ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ተማሃሮ |
|---|---|
| ☐ ክፍሊት በዓላት<br>☐ ክፍሊት ዑደት (ፒክኒክ)<br>☐ ናይ ሳመር መደብን ካምፕን<br>☐ ናጻ ወይ ትሑት ዋጋ መድሕን ጥዕና (ሄልዝ ኢንሹራንስ)<br>☐ ናጻ ወይ ትሓት ናይ ስኒን ዓይንን ሕክምና | ☐ ኣድቫንስድ ፕሌስመንት ቴስት<br>☐ ናይ ኮሌጅ ባውንድ ስኮላርሽፕ<br>☐ ራኒንግ ስታርት ቡክስ<br>☐ ክፍሊት ኣትሌቲክስ<br>☐ ክፍሊት ኣሶሸትስ ስቱደንትስ ቦዲ (ABS)<br>☐ ፕሪ ኮሌጅ ኤግዛም (PSAT/SAT/ACT)<br>☐ ክፍሊት መመልከቲ ኮሌጅ |
| **መዋለህጻናት** | |
| ☐ ክፍሊት መደብ ናይ ምሉእ መዓልቲ መዋለህጻናት | |

| | |
|---|---|
| ናይ ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ ፊርማ | ዝተፈረመሉ ዕለት |
| ስም/ኣስማት ተማሃራይ: | |

☐ ዓሚ እዚ ሓገዝ መግቢ እንድሕር ተቐቢኩም ኣብዚ ኣመልክቱ።

Tigrigna

ሲያትል ፓብሊክ ስኩልስ

# 2015–16 ዓመታዊ መመልከቲ ንናጻን ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሉን ምግቢ

**ነዚ መመልከቲ ቅጥዒ መሊእኩምን ፈሪምኩምን ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ምግብና (ላንች ሩም) ስደድዎ ወይ ናባን ብቀጥታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ስደድዎ: Nutrition Services – MS 32-372; PO Box 34165; Seattle, WA 98124**

**1.** **ኩሎም** ምሳኹም ዝነብሩ ትምህርቲ ኣብ ምክትታል ዝርከቡ ተማሃሮ ዝርዝርዎም። እቲ ተማሃራይ ትዕብይዎ ዝኽታም ቆልዓ ኣንተድኣ ኮይኑ ኣብቲ ግቡእ ሳጹን "X" ኣመልክቱ። ዝኾነ ውልቃዊ ኣታዊ ተማሃራይ ኣስፍርዎ ኣብቲ ግቡእ ሳጹን ድማ "X" ኣመልክቱ። ኬዝ ነምበር ንዝኾነ ካብ ዞም ደቅኹም እንድሕር መሊእኩም (ኣለዎም) ናብ ክፍሊ መሕትት **4** ስገሩ። ኬዝ ነምበር ትዕብይዎ ዝኽታም ቆልዓ ኣንድሕር ኣስፈርኩም እሞ ንኹሎም ደቅኹም ከተመልክቱ ትደልዩ እንተድኣ ኮንኹም ናይ ግድን ናብ ክፍሊ መሕትት **2** ስገሩ።

**ተመልክትሉ ዘለኹም ቆልዓ ግዳም ሓደር እንተኮይኑ (ማኪነይ-ቬንቶ) ወይ ስደተኛ ኣብቲ ግቡእ ሳጹን ምልክት ግበሩ።** ☐ **ግዳም ሓደር** ☐ **ስደተኛ**

| ስም ወላዲ ተማሃራይ (ላስት ኔም) | ስም ተማሃራይ | MI | ዘኽታም ቆልዓ | ዕለት ልደት | ቤት ትምህርቲ | ደረጃ ትምህርቲ | ኣታዊ ተማሃራይ | ሰሙናዊ | ክልተ ሰሙናዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ወርሓዊ | እዚ ተማሃራይ ቢዚክ ፉድ፣ TANF ወይ FDPIR ይቐበል ድዩ? እወ እንተኾይኑ፣ ቁጽሪ ጉዳይ (ኬዝ ነምበር) ጽሓፍዎ፣ ኣብቲ ግቡእ ሳጹን ድማ ራይት ኣመልክቱ። | ቢዚክ ፉድ | TANF | FDPIR |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | | $ | | | | | ኬዝ ነምበር # ______________ | ☐ | ☐ | ☐ |
| | | | | | | | $ | | | | | ኬዝ ነምበር # ______________ | ☐ | ☐ | ☐ |
| | | | | | | | $ | | | | | ኬዝ ነምበር # ______________ | ☐ | ☐ | ☐ |
| | | | | | | | $ | | | | | ኬዝ ነምበር # ______________ | ☐ | ☐ | ☐ |
| | | | | | | | $ | | | | | ኬዝ ነምበር # ______________ | ☐ | ☐ | ☐ |

**2.** ዝርዝር ኣስማት ኩሎም ዝተረፉ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት። ምሉእ ዓቀን ኣታዊታቶም ብዶላር ወይ ቼክን ኣብ ክንደይ ከምዝቅበልዎን መዝግቡ። ዝኮነ ኣባል ቤተሰብኹም ኣታዊ እንድሕር ዘይብሉ 0 ጽሓፉ። 0 እንተመሊእኩም ወይ እቲ ቦታ ባዶ እንድሕር ገዲፍኹሞ ኣታዊ የለን ኢልኹም ትሕብሩ ምህላውኹም ዘኪሩ። ኬዝ ነምበር ንካልእ ኣባል ስድራቤት እንድሕር መዝጊብኩም ናብ ክፍሊ መሕትት 4 ስገሩ። እቲ ኬዝ ነምበር ንእትዕብይዎ ዘኪታም ቆልዓ ጥራሕ እንድሕር ኮይኑ ናብ ክፍሊ መሕትት 3 ናይ ግድን ቀጽሉ።

| ኣስማት ኩሎም ኣባላት ቤተሰብ (ኣብ ላዕሊ ዝተማዝገቡ ቆልዑ ኣብዚ ደጊምኩም ኣይትመዝግብዎም) | ዘኽታም ቆልዓ | ካብ ስራሕ ዝተረኽበ ኣታዊ (ቅድሚ ዝኾነ ዓይነት ምጉዳል) | ሰሙናዊ | ክልተ ሰሙናዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ወርሓዊ | ቻይልድ ሳፖርት፣ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ገንዘብ ቆልዓ | ሰሙናዊ | ክልተ ሰሙናዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ወርሓዊ | ትሕጋግ፣ ጡረታ፣ ሶሻል ሴኩሪቲ (SSI) | ሰሙናዊ | ክልተ ሰሙናዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ወርሓዊ | ካልእ ዝኾነ ዓይነት ዘተመዝገበ ኣታዊ | ሰሙናዊ | ክልተ ሰሙናዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ወርሓዊ | ዝኾነ ኣባል ቤተሰብኩም ቢዚክ ፉድ፣ TANF ወይ FDPIR ይቐበል ድዩ? እወ እንተኾይኑ፣ ቁጽሪ ጉዳይ (ኬዝ ነምበር) ጽሓፍዎ፣ ኣብቲ ግቡእ ሳጹን ድማ ራይት ኣመልክቱ። ቢዚክ ፉድ | TANF | FDPIR |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | ☐ ኬዝ ነምበር # | ☐ | ☐ |
| | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | ☐ ኬዝ ነምበር # | ☐ | ☐ |
| | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | ☐ ኬዝ ነምበር # | ☐ | ☐ |
| | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | ☐ ኬዝ ነምበር # | ☐ | ☐ |
| | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | $ | | | | | ☐ ኬዝ ነምበር # | ☐ | ☐ |

**3.** **ጠቕላላ ብዝሒ ኣባላት ቤተሰብ (ንኩሎም ኣብ ገዛኹም ዝነብሩ ኣባላት ቤተሰብ ድምርዎም):** ______________________________

**4.** ፌርማን ቁጽሪ ሶሻል ሴኩሪቲን – እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ ሓቅን ትኽክልን ምዃኑ ካልእ ኩሉ ኣታዊታተይ ብትክክል ከም ዝተዘረዘረን የረጋግጽ። ነዚ ሓበሬታ ብምጥቃም እቲ ቤት ትምህርቲ ፌደራላዊ ፋንድ ክሕግዝ ክሓትትን ከወሃብ ምዃኑ ይፈልጥ። ሰብ መዚታት ቤት ትምህርቲ ሓቅነት እዚ ሓበሬታ ኣብ ዝኾነ ግዜ ከረጋግጹ ምዃኖምን ይፍልጥ። ብፍላጥ ጌጋ ሓበሬታ ምስ ዝህብ ደቀይ ኣገልግሎት ናጻ ወይ ምጉዳል ዝተገብረሉ ምግቢ ክኽልከሉን ብመሰረት ሃገራዊ ወይ ፌደራላዊ ሕጊ ክሕትተኒ ምዃኑ ይፈልጥ እየ። ንብቑዕነት ደቀይ ዝምልኽት ሓበሬታ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ንካልኦት ከመሓላለፍ ምዃኑ ይፈልጥ።

______________________________________________
ስም ኣላይ ስድራ

______________________ ______________________
ኣድራሻ ጎደና

______________________ ______________________ ______________________
ከተማን ዚፕ ኮድን ናይ ገዛ ቴሌፎን ናይ ስራሕ ወይ ናይ ኢድ ቴሌፎን

እተን 4 ናይ መወዳእታ ቁጽርታት ቁጽሪ ሶሻል ሴኩሪቲ: __________________
ወይ ቁጽሪ ሶሻል ሴኩሪት እንድሕር ዘይብልኩም ኣብዚ ምልክት ግበሩ: ☐

______________________________ ______________________
ፌርማ ኣላይ ስድራ ዕለት

______________________________
ኢሜይል

**5.** **ናይ ደቅኹም ኣሊታውን ብሔራውን መለለዪ (ብምርጫ)**

ዓሌታዊ መበቖልኩም ኣመልክቱ:

- ☐ ኤስያዊ
- ☐ ጻዕዳ
- ☐ ጸሊም ወይ ኣፍሪካን ኣሜሪካን
- ☐ ኣሜሪካን ኢንዲያን ወይ ኣላስካ ነቲቭ
- ☐ ነቲቭ ሃዋይ ወይ ካልእ ነባሪ ደሴታት ሰላማዊ ውቅያኖስ
- ☐ ካልእ

ዓሌታዊ መበቖልኩም ኣመልክቱ:

- ☐ ሂስፓኒክ ወይ ላቲኖ
- ☐ ሂስፓኒክ ወይ ላቲኖ ዘይኮነ

Tigrigna

# 2015–2016
# መልእኽቲ ንስድራቤታት
## ሃገራዊ መደብ ምሳሕ ቤት ትምህርቲ/ ሃገራዊ መደብ ቁርሲ ቤት ትምህርቲ

ኽቡራት ወለዲ/ኣለይቲ:

እዚ ጽሑፍ ደቅኹም በኽመይ ናጻ መግቢ ወይ ምጉዳል ዋጋ መግቢ ክግበረሎም ከም ዝኽእልን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ካልእ ረብሓታት (ቤነፊት)ን ዝሕብር እዩ። ዋጋታት ብቤት ትምህርቲ ዝቐርብ መግቢ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።

ቁርስን ምሳሕን ነቶም **ንናጻ ወይ ምጉዳል ዋጋ መግቢ ክግበረሎም ኣመልኪቶ ብቑዓት** ዝኾኑ ተማሃሮ **ብናጻ** ክወሃብ እዩ።
ኩሎም እቶም ካልኦት ዝተረፉ ተማሃሮ በዚ ዝስዕብ መሰረት ክኸፍሉ እዮም።

| ደረጃ ትምህርቲ | **ስሩዕ ዋጋ** | | | **ምጉዳል ዝተገብረሉ ዋጋ** | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ቁርሲ | ምሳሕ | ጣዕሞት (ስናክስ) | ቁርሲ | ምሳሕ | ጣዕሞት (ስናክስ) |
| መባእታ (ኢለመንታሪ) | $ 1.75 | $ 2.75 | የለን | ብናጻ | ብናጻ | የለን |
| ማእከላይ | $ 2.00 | $ 3.00 | የለን | ብናጻ | ብናጻ | የለን |
| ካልኣይ (ሃይ ስኩል) | $ 2.00 | $ 3.00 | የለን | ብናጻ | ብናጻ | የለን |

## እዚ መመልከቲ ቅጥዒ መን ክመልእ ይግባእ?

እንድሕር እዚ ዝስዕብ መምዘኒታት ተማሊኡ ኮንኹም ነዚ ቅጥዒ ምልእዎ:

- ዓመታዊ ኣታዊ ስድራ ምስ እዚ ኣብ ታሕቲ ኣብ ሳጹን ተዘርዚሩ ዘሎ መጠን ኣታዊ ማዕረ ወይ ዝተሓተ ምስ ዝኸውን፡
- ንደቅኹም ቤዚክ ፉድ፣ ናይ መግቢ መከፋፈሊ መደብ ንኢንዲያን ረሰርቬሽንስ (FDPIR) ወይ ግዝያዊ ረድኤት ንተሸገሩ ስድራቤታት (TANF) ተወስዱ እንድሕር ኮንኹም፡
- ንተዕብይዎ ዘኽታም ቆልዓ ተመኪቱ እንድሕር ኣለኹም
- ንኣብ ትሕቲ ሓላፍነት መዕበዪ ዘኽታማት ወይ ቤት ፍርዲ ዘሎ ዘኽታም ቆልዓ ተመኪቱ እንድሕር ኣለኹም

ነቲ መመልከቲ ቕጥዒ ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ መመገቢ ኣዳራሽ መግቢ ኣብጽሕዎ ወይ በቲ ምስኡ ዝመጸ ክፉል ፖስታ ዓሽግኩም ወይ በመገዲ ቤት ፖስታ ናብ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣክዎ: Nutrition Services - MS32-372; PO Box 34165 Seattle, WA 98124

ሓደ መመልከቲ ቅጥዒ ንሓደ ስድራ ምምላእኹም ኣረጋግጹ። እቲ ምልክታኹም ከም ዝተቐበልናዮን ወይ ከም ዝነጸግናዮን ክንሕብረኩም ኢና። እቲ ተመልክትሉ ዘለኩም ቆልዓ ግዳም ሓደር እንድሕር ኮይኑ (□ክኔይ-ቢንቶ) ወይ ስደተኛ እንድሕር ኮይኑ ኣብ'ቲ ግቡእ ሳጹን ራይት ግበርሉ።

## ኣታዊ እንታይ የጠቓልል? መን እዩ ከም ኣባል ስድራ ዝሕሰብ?

ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቻርት ኣታዊ ተመልከቱ። ቁጽሪ ኣባላት ስድራቤትኹም ርአዩ። ዓቀን ጠቕላላ ኣታዊ ስድራ ርኸብዎ።ኣባላት ስድራኩም ደሞዝ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ናይቲ ወርሒ ዝኽፈሉ እንድሕር ኮይኖምን ስድራቤትኩም ብቑዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ርግጸኛ እንድሕር ዘይኮንኩምን፤ እዚ ቅጥዒ ምልእዎ፡ ንሕና ብኣታዊ መሰረት ብቑዓት ዘይቡቑዓትን ክንውስነልኩም ኢና። እዚ ትህብዎ ሓበሬታ ንደቅኹም ንናጻ ወይ ምጉዳል ዋጋ መግቢ ብቑዓትን ዘይብቑዓትን ክንውስን የኽእለና።

ተዕብይዎም ዘኽታማት ቆልዑ እንድሕር ኣሊዮምኹም ኣታዊኹም ብዘየገድስ ንናጻ ምግቢ ቅቡላት እዮም። ብዛዕባ ምምልካት ንናጻ መግቢ ንዘኽታማት ቆልዑ ዝምልከት ሕቶታት እንድሕር ኣሊኩም ብክብረትኹም በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ቴሌፎን ደዊልኩም ርኸቡና 206-252-0675.

**ቻርት ኣታዊ**
**ካብ ሓምለ 1, 2014 ክሳብ ሰነ 30, 2015**
**ኣብ ግብሪ ዝውዕል**

| ብዝሒ ስድራ | ዓመታዊ | ወርሓዊ | ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ | ኣብ ክልተ ሰሙን ሓንሳብ | ሰሙናዊ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | $21,775 | $1,815 | $ 908 | $ 838 | $ 419 |
| 2 | 29,471 | 2,456 | 1,228 | 1,134 | 567 |
| 3 | 37,167 | 3,098 | 1,549 | 1,430 | 715 |
| 4 | 44,863 | 3,739 | 1,870 | 1,726 | 863 |
| 5 | 52,559 | 4,380 | 2,190 | 2,022 | 1,011 |
| 6 | 60,255 | 5,022 | 2,511 | 2,318 | 1,159 |
| 7 | 67,951 | 5,663 | 2,832 | 2,614 | 1,307 |
| 8 | 75,647 | 6,304 | 3,152 | 2,910 | 1,455 |
| ንተወሳኺ ካልእ ሓደ ሰብ እዚ ዝስዕብ መጠን ንሓደ ደምርሉ: | +7,696 | +642 | +321 | +296 | +148 |

**ስድራ ቤት** ማለት ኣብዚ ጽሑፍ ነዚ ዝስዕብ ይውክል፤ ወለዲ፣ ደቆም፣ ኣቦ/እኑሓጎታትን ኣዝማድ ዝኾኑ ወይ ዘይኾኑን ኣብ ገዛኹም ዝነብሩ ወይ ወጻኢታት ዘካፍልኹምን የጠቓልል። ኣብ መመልከቲኹም ዘኽታም ቆልዓ ዝኣሊ ስድራ ኢልኹም ተመልከቱ እንድሕር ኣለኩም፤ ነቲ ዘኽታም ቆልዓ ኣብ ጠቕላላ ብዝሒ ስድራቤት ክትእትውዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣታዊ ስድራቤት** ማለት ድምር ኣታዊ ኩሎም ኣባላት ስድራ ቅድሚ ታክስ የጠቓልል። እዚ ደሞዝ፣ ሶሻል ሴኩሪቲ፣ ጡረታ፤ ኣንኢንፕሎይመንት፣ ዌልፌር፣ ሓገዝ ንቆልዓ፣ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ገንዘብ ቆልዓን ካልእ ዝኾነ ኣታዊ ገንዘብ የጠቓልል። ዘኽታም ቆልዓ ኣብ መመልከቲኹም ከም ኣባል ስድራ ትእትዉ እንድሕር ኣለኹም፡ ናይ እቲ ዘኽታም ቆልዓ ኣታዊታት ኣብ ጠቕላላ እታዊ ስድራ ይእትውዎ። ንዘኽታም ዝወሃብ ክፍሊት ኣብ ጠቕላላ ኣታዊታት ከም ኣታዊ ሪፖርት ኣይትግበርዎ።

## መመልከቲ እንታይ ከጠቓለል ይግብኦ?

**ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ንዘይረኽቡ ስድራቤታት**:

- ስም ተማሃራይ
- ስም ኹሎም ኣባላት ስድራ
- ኣታዊ ኹሎም ኣባላት ስድራ ምስ ምንጪ ኣታዊ
- ፊርማ ኣላዪ ስድራ
- እተን 4 ናይ መወዳእታ ቁጽርታት ሶሻል ሰኩሪቲ ናይ እቲ ዝፈረመ ኣላዪ ስድራ (ወይ ኣብ'ቲ ቁጽሪ ሶሻል ሴኩሪቲ የብለይን" I do not have a social security number" ዝብል ሳጹን ራይት ግበሩ።)

ክፍልታት 1, 2, 3ን 4ን ናይ ግድን ክምላእ ኣለዎ። ክፍሊ 5 ከም ምርጫኹም እዩ።

**ለ. ዝኽታም(ማት) ቆልዓ (ዑ) ጥራሕ ንዘለዎም(ውዎም) ስድራቤታት**:

- ስም ተማሃራይ
- ፊርማ ኣላዪ ስድራ

ክፍልታት 1ን 4ን ምልእዎ. ክፍሊ 5 ከም ምርጫኹም እዩ። ኣብ ክንዲ መመልከቲ ትመልኡ፤ ቅዳሕ እቲ ዘኽታም ቆልዓ (ዑ) ንኽተዕብይዎ ዘፍቀደልኩም ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ክትሰዱልና ትኽእሉ ኢኹም።

**ሐ. ንዘኽታም ቆልዓ (ዑ)ን ካላኦት ቆልዑን ዘለውዎም ስድራቤታት**:
ከምስድራ ነቲ ዝኽታም ቆልዓ ሓዊስኩም ኣመልከቱ። ኣብ "ሀ" ተዘርዚሩ ዘሎ መምርሒታት ተኸተሉ። ዝኾነ ሓገዝ ዘይረኽባ ስድራቤታት ኣታዊ ናይ እቲ ዘኽታም ቆልዓ ናይ ሃልኽቲ ኣታዊታት ክሕውስኦ ይግባእ።

**መ. ቤዚክ ፉድ፣ ናይ መግቢ መከፋፈሊ መደብ ንኢንዲያን ረሰርቬሽንስ (FDPIR) ወይ ግዝያዊ ረድኤት ንተሸገሩ ስድራቤታት (TANF) ዝወስዱ ስድራቤታት:**

- ስም ዝርዝርን ቁጽሪ ኬዝን ናይ ኩሎም ተማሃሮ ከም ኣድላይነቱ
- እቲ ቆልዓ ኬዝ ነምበር እንድሕር ዘይብሉ ናይ ኣላዪ ስድራ ስምን ኬዝ ነምበርን ግበርሉ።
- ፊርማ ኣላዪ ስድራ

ክፍልታት 1ን 4ን ምልእዎ. ክፍሊ 5 ከም ምርጫኹም እዩ።

## ንቤዚክ ፉድ ገንዘብ ይቕበል እንድሕር ኣለኩ ከ?

ንቤዚክ ፉድ ኣመልኪትኩም እሞ ብቑዓት ክንስኹም ናይ ቤዚክ ፉድ ገንዘብ ዘይትቕበሉ እንተ ኮንኩም፤ ንናጻን ምጉዱል ዋጋ መግብን ናይ ግድን ቅጥዒ መሊእኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ውላድኹም ብምልኣክ ክተመልክቱ ይግባእ።

## ኼዝ ነምበር እንድሕር ኣለዎም ደቀይ ብዘይ ዋላ ሓደ ተወሳኺ ነገር ብቑዓት ክኾኑ ዶ ይኽእሉ?

እወ። ግዝያዊ ረድኤት ንተሸገሩ ስድራቤታት (TANF) ወይ ቤዚክ ፉድ ዝረኽቡ ቆልዑ እዚ መመልከቲ ቅጥዒ ከይመልኡ ናጻ ምግቢ ክረክቡ ይኽእሉ እዮም። እዞም ቆልዑ በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ መዛመዲ ሓበሬታ (ዳታ ማቺንግ) መሰረት ክልለዩ ይኽእሉ። እዚ ዝተዛመደ ስም ዝርዝር ድማ ኣባላት ኣገልግሎት መግቢ (ፉድ ሰርቪስ) ቤት ትምህርቲ ደቅኹም ይወሃብ። ኣብዚ ዝርዝር ዘለዉ ቆልዑ ድማ ቤት ትምህርቶ እንድሕር ዘቕርብ ኮይኑ(ኩለን ቤት ትምህርቲታት እዚ ኣገልግሎት ኣይህባን እየን) ናጻ ወይ ምጉዱል ዋጋ ዝተገብረሉ ምግቢ ቁርስን ማዓሕን ይረኽቡ። ብኽብረትኩም ደቅኹም ናጻ ምግቢ ክረኽቡ ከም ተደልዩ ዘይትደልዩ ብቕልጡፍ ሓብሩና። ደቅኹም እዚ ሜላ ብምጥቃም ኣብ እዚ መደብ ናጻ መግቢ ክሳተፉ ዘይትደልዩ እንድሕር ኮንኩም ብኽብረትኩም ንቤት ትምህርቲኹም ሓብሩ።

## ሓደ ካብ ኣባላት ቤተሰበይ ኬዝ ነምበር እንድሕር ኣለዎ፤ ኩሎም ደቀይ ንመደብ ናጻ መግቢ ብቁዓት ክኾኑ ይኽእሉ ዶ?

እወ። ዝኾነ ኣባል ስድራኹም ብጀካ ተማሃሮ ወይ ትዕብይዎ ዝኽታም ቆልዓ ኬዝ ነምበር እንድሕር ኣሊይዎ ናይ ድን መመልከቲ መሊእኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ደቅኹም ክትሰዱ ይግባእ። ካልኦት ቆልዑ ኣባላት ስድራኩም እዚ ናጻ ምግቢ ከውስዱ ይግብኦምን ኣይግብኦምን ብኽብረትኩም ብቕልጡፍ ሓብሩና።

## ቤዚክ ፉድ፤ ንሓገዝ ምዕዳግ መግቢ ብቑዕ ከኸውን ይኽእል ዶ?

ቤዚክ ፉድ ናይ መንግስቲ መደብ ፉድ ስታምፕ እዩ። እዚ መደብ ንቤተሰባት ወርሓዊ መሰረታዊ ናይ ምግቢ ጠለባተን ከማልኣ ዝወሃብ ረብሓት እዩ። ቤዚክ ፉድ ምርካብ ቀሊል እዩ! ብኣካል ኣብ ጥቃኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት DSHS ኮሚኒቲ ሰርቪስ፣ ብኢሜል ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክተመልክቱ ትኽእሉ። ካልኦት ሓገዛት ዝህባ'ውን ኣለዋ። ብዛዕባ ቤዚክ ፉድ 1-877-501-2233 ብምድዋል ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ http://www.foodhelp.wa.gov/basic_food.htm ብምርኣይ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ኣባላት ሰራዊት (ሚሊታሪ) ኢና። ኣታዊና ብፍሉይ መገዲ ዶ ክንሕብር ይግባእ?

መሰረታዊ ክፍሊትኹምን ትረክብዎ ሞቕሽሽን (ቦነስ) ሪፖርት ክትገብርዎ ይግባእ። ካብ ካምፕ ወጻኢ ንዘለኩም ገዛ፣ ንመግቢ ወይ ክዳን ሓገዝ ብገንዘብ እንድሕር ተቐቢልኹም ወይ ናይ ቤተሰብ ሓገዝ ተወሳኺ ክፍሊት እንደሕር ተዋሂብኹም ከም ኣታዊ ክትሕብሩ ይግባእ። ኮይኑ ግን ገዛኹም ኣካል ናይቲ ናይ ሚሊታሪ ሃውሲንግ ፕራቬታይዜሽን ፖሊሲ ኣካል እንድሕር ኮይኑ ንገዛ ዝወሃበኹም ሓገዝ ከም ኣታዊ ኣይተትውዎ። ኣብ ግዜ ወፍሪ (ዲፕሎይመንት) ዝወሃበኹም ገንዘብ ከም ኣታዊ ኣይተእትውዎ።

## ምልክታ ወደይ ዓሚ ተቐባልነት ረኺቡ ኔሩ። ሎሚ ዘመን እንደገና ከም ብሓድሽ ምምላእ ከድልየኒ ድዩ?

እወ። ንናይ ወድኹም ምልክታ ነታ ዓመት ዘመልከትኹምላን ነተን ናይ መጀመሪያ መዓልታት ትምህርቲ ጥራሕ እያ ተገልግል። እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ሓድሽ ዓመት ወድኹም ብቑዕ እዩ እንድሕር ዘይሓቢሩኹም ከም ብሓድሽ ክተመልክቱ ይግባእ።

## እንድሕር ገለ ገል ስድራቤታት ኣታዊ ሪፖርት ዝግበር እንድሕር ዘይብለን ከ?

ገለ ገለ ኣባላት ቤተሰብ ካብቲ ዝሓተትናኹም ዓይነት ኣታዊታት ወይ ውን ዝኾነ ዓይነት ኣታዊ ዘይክህልዎም ይኽእል እዩ። ከምዚ እንድሕር ኣጋጢሙ በጃኹም ኣብቲ ቦታ 0 ጽሓፉ። ኮይኑ ግን ነዚ ቦታ ባዶ እንድሕር ገዲፍኹሞ እዚ ውን <u>እንደገና</u> ከም ዘሮ እዩ ዝሕሰብ። ስለዚ በጃኩም ነቲ ቦታ ባዶ ክትገድፍዎ ከለኹም ተጠንቀቁ ምኽንያቱ ብፍላጥ ዘገደፍኹሞ ኢልና ስለንርድኦ።

## ኣገልግሎት ጥዕና

ብዛዕባ ኣገልግሎት ጥዕና ንደቅኹም ሓበሬታ እተደሊኹም ወይ ክተመልክቱ እንድሕር ደሊኹም፤ ብኽብረትኹም ኣድራሻ ኢንተርኔት http://www.wahealthplanfinder.org ተወከሱ ወይ ድማ ናይ ዋሽንግተን ኣገልግሎት ጥዕና ቁጽሪ ስልኪ 1-855-923-4633 ደውሉ።

## ወደይ/ጓለይ ፍሉይ መግቢ የድልያ እንተኾይኑ ኸ?

ኩም ቀረብ መግቢ ንናይ ፌደራል ፉድ ስታንዳርድ መምርሒታ ዘማላእ'ዩ። ብዶክተርም ፍሉይ መግቢ ከምዘድልዮም ዝተኣዘዘሎም ተማሃሮ ካልእ መግቢ የድልዮም ይኸውን'ዩ። እቲ ዘድሊ ወረቓቕቲ ሓኪም ወድኹም እንድሕር መሊእዎ ብዘይ ተወሳኺ ክፍሊት እቲ መተካእታ መግቢ ክቕርብ እዩ። ወድኹም/ጓልኹም ሓገዝ እንድሕር ዘደሊ/ትደሊ ኮይና/ኮይኑ ብኽብረትኩም ርኸቡና።

## መረጋገጺ ብቑዕነት (ፕሩፍ ኦፍ ኢሊጂቢሊቲ)

እዚ ትህቡና ሓበሬታ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ኣብዝኮነ ግዜ ክምርመር ይኽእል'ዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ውላድኹም ንናጻ ወይ ምጉዱል ዋጋ መግቢ ብቑዕ ስለምዃኑ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሰዱ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ርትዓዊ ዳንነት/ውሳነ (ፌር ሂሪንግ)

ንጉዳይ ብቁዕነት ዉላድኩም ዝምልከት ዝወሰናዮ ውሳነ ወይ መስርሕ ውሳነ እንድሕር ዘይተሰማሚዕኩም ወይ ኣታዊኹም ንምርግጋጽ ዝተጠቀምናሉ መምዘኒ እንድሕር ዘየዕጊብኩም ንቴሬዛ ፊልድስ በዓልቲ መዚ ፌር ሂሪንግ ክተዘራርብዋ ትኽእሉ ኢኹም። ንርትዓዊ ዳንነት መሰል ኣለኹም። እዚ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲትሪክት <u>206-252-0675</u> ብምድዋል ቆጸራ ክትሕዙ ትክእሉ ኢኹም።

## ምምልካት

ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ትምህርቲ ዘመን ኣብ ዝኾነ ግዜ ንበኔፊት ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምጉዱል ኣታዊ ስድራ እንድሕር ኣጋጢምኩም፣ ብዝሒ ስድራኩም እንድሕር ወሲኹ፣ ስራሕ እንድሕር ኣቛሪጽኩም፣ ወይ ቤዚክ ፉድ፣ ግዝያዊ ረድኤት ንተሸገሩ ስድራቤታት (TANF) ወይ ናይ መግቢ መከፋፈሊ መደብ ንኢንዲያን ረሰርቬሽንስ (FDPIR) ክትቕበሉ ጀሚርኩም፤ ንሓገዝ ብቁዓት ክትኮኑ ስለ ትኽእሉ መመልከቲ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ዘይምፍልላይ (ኖንዲክሪምኔሽን)

በመሰረት ፌደራላዊ ሕጊን ፖሊሲን ዩ. ኤስ ዲፓርትመንት ኦፍ ኣግሪካልቸር (USDA) ኣንጻር ዓማዊሉ፣ ሰራሕተኛታቱን ኣመልከቲ ስራሕን ብዓሌት፣ ሕብሪ ቆርበት፣ መበቆ ሃገር፣ ጾታ፣ ጾታዊ መለለዪ፣ ሃይማኖታዊ እምነት፣ ዕድመ ወይ ስንክልና ወይ ካልእ ከም ሕነ፣ ፖሊቲካዊ እምነት፣ ከነታት መርዓ፣ መበቆል፣ ጾታዊ ዝንባለ ከይፈላሊ ክልኹል እዩ። ካልእ ኣታዊ ሓደ ሰብ ብጠቕላላ ወይ ክፋል ኣታዊኡ መንግስታዊ ሓገዝ እንድሕር ኮይኑ ወይ መበቆላዊ ሓበሬትኡ ስራሕ ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ እንድሕር ዘተገሊጹ ወይ ኣብ ዝኾነ ብመንግስቲ ዝሕገ ንጥፈታት እንድሕር ዝሳተፍ ኮይኑ ኽንጽለ ኣይግብኦን። (ኩለን እዘን ዝተኸልከላ ነገራት ንኹሉ መደባት ወይ ናይ ስራሕ ኩነታት ብማዕረ ይጸልዋ ማለት ኣይኮነን።) ብዛዕባ ኣፈላላይ ዝምልከት (ሲቪል ራይትስ ኮምፕሊያት) ጥርዓን እንድሕር ኣሊኹም፤ ናይ ዩስዲኤ (USDA) ፕሮግራም ቕጥዒ ናይ ኣፈላላይ ጥርዓን ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ኢንተርኔት ዝርኸብ http://www.ascr.usda.gov/complaint_filing_cust.html ወይ ኣብ ዝኾነ USDA ቤት ጽሕፈት ወይ ብቁጽሪ ስልኪ (866) 632-9992 ብምድዋል ዝርከብ መሊእኹም ክትእትው ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ እቲ ቕጥዒ ዝሓቶ ሓበሬታ ዘጠቓለለ ደብዳቤ ክትጽሕፉ ትኽእሉ ኢኹም። ተብዲለ ወይ ጉዳየይ ብግቡእ ኣይተራእየን ትብሉ እንተድኣ ኮንኹም ጥርዓን ኣፈላላይ (ኮምፕላይንት ኦፍ ዲስክሪምኔሽን) ናብ USDA, Director, Office of Adjudication, 1400 Independence Avenue, SW, Washington D.C. 20250-9410 ብምጽሓፍ ወይ ብፋክስ (202) 690-7442 ወይ ኢሜል program.intake@usda.gov ክትእትው ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ምስማዕ ወይ ናይ ምዝራብ ስንክልና ዘለዎም ውልቀ ሰባት ንUSDA በመገዲ ፌደራላዊ ኣገልግሎት መራኸቢ ብቁጽሪ ስልኪ (800) 877-8339 ወይ (800) 845-6136 (ስፓኒሽ) ክተረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

USDA ንኹሉ ብማዕረ ዘገልግልን ዝቆጽርን ትካል እዩ።